# ገድሊ ኣባ በግኡ (በግዑ)

## ምዕራፍ (1)

1. ሓደ ኣምላኽ ብዝኾነ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስቅዱስን ኣሚንና ብናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓጋዝነት ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ናይ ብጹእ ኣቦና ናይ ቅዱስ ኣባ በግኡ ገድሊ ንምጽሓፍ ንጅምር። ልመናኡን በረኸቱን ምስ ኩላትና ደቂ ጥምቀትን ምስ ኩሉ ዓለምን ይኹን ንዘልኣለም ዓለም ኣሜን።

2. ስለ ፍቅሪ ክርስቶስ ንሰብነቱ ናብ ሞት የሕሊፉ ዝሃበ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ናይ ብጹእ ኣቦና ቅዱስ ኣባ በግኡ ናይ ዝኸሩ ገድሊ መታን ክጽሕፍ ብሰናይ ኣእምሮን ብሰናይ ሕልናን ብዙሕ ሓሰብኩ።

3. ደጊመ ድማ ኣነ ድኹም ከንሰይ ኩሉ ተጋድሎኡ ከዛረብ ከመይ ጌሩ ይከኣለኒ? ካብ መብልዕን መስተን ተኸልኪሉ ናይ ዝተቀበሎ መከራ ኽ ፈጺሙ ምቅራብ ዝኽእል መን እዩ? ክዛረብ ዝኽእል ከ ኣየናይ ልሳን እዩ? እንዳበልኩ ሓሰብኩ።

4. ዳዊት እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ቅዱሳኑ ድንቂ እዩ። ኢሉ ከምዝተዛረበ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ቅዱሳኑ ሓዲሩ ድንቂ ተኣምራት ይገብር እዩ።

5. ደጊሙ ድማ ዳዊት ብርሃን ንጻድቃን ደስታ ድማ ንቅኑዓት ልቢ ወጸ። ጻድቃን ብእግዚኣብሄር ደስ ይብሎም። ንናይ ቅድስናኡ ዝኽሪ ድማ የመስግኑ በለ።

6. ኦ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ጻድቕ ኣባ በግዑ ኣብ ናይ ፍጻሜ ዘመንካ ብሓቂ ክርስቶስ ኣብረሃልካ።

7. ናይ ነገስታት ንጉስ ናይ ጎይቶት ጎይታ ናይ ኣማልኽት ኣምላኽ ናይ ፍጥረታት ኩሉ ፈጣሪ ንሱ ክርስቶስ እዩ።

8. ናይ ሓጥያተኛ ምምላስ እንበር ጥፍኣቱ ዘይፈቱ፡ ሂወት ዝህብ፡ ንበይኑ ዓቢ ተኣምራት ዝገብር ንሱ እዩ።

9. ንኣብ ናይ ባህሪ ወዱ ንኣብ ቃሉ፡ ብነብያት ዝተነገረ፡ ብሃዋርያት ዝተፈልጠ፡ ንሰማእታት ኣኽሊሎም። ንካህናት ዝሸውም ተስፋ መነኮሳን ንጻድቃን ክብሪ ሞጎሶም ንሱ እዩ።

10. ካብ ሓቀኛ ብርሃን ዝተረኽበ ሓቀኛ ብርሃን ኣብ ልዕሊ ጻድቃን ዘብርህ ሕያዋይ ጓሳ ንዝጠፍአ ኣዳም ክደልን ክረድኦን ካብ ላዕሊ ወሪዱ ሰብ ዝኾነ ንሱ ክርስቶስ እዩ።

11. ናይ ህያው እግዚኣብሄር ኣብ ቃሉ ናይ ኢዱ ስርሓት መታን ከድሕን ካብ ልዑል ማሕደሩ ዝወረደ ብፍሉይ ጥበቡ ቅድስቲ ንጽህቲ ኣብ ዝኾነት ኣብ ናይ ድንግል ማርያም ማህጸን ዝሓደረ ብዘይምርመር ልደት ካብኣ ዝተወለደ ከምኡ እውን ነዛ ዓለም ንምሕላፍ ብመንግስቱ ኣብዝመጽእ ምስ ቅዱሳኑ ናይ ርስቱ ተኻፈልቲ ክገብረና ዝፈተወ ንሱ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ።

12 ሰማያዊ ምስ ዝኾነ ምስ ሕያዋይ ኣቦኡ ኣድሓኒ ምስ ዝኾነ ምስ መንፈስ ቅዱስ ምስጋና ይኹኖ ንኣልኣለም ኣለም ኣሜን(ለይኩን)።

## ምዕራፍ (2)

1. ወዲ ህያው እግዚኣብሄር ክርስቶስ ናይ ኣባ በግኡ ገድሊ መታን ክጽሕፍ ርድኣኒ። ሕያውነቱ መታን ክዛረብ ድማ ጥበባዊ ቃል ሃበኒ።
2. መከራኡ መታን ክዛረብ ዝመርሓኒ ቅዱስ መንፈስካ ኣብ ሰብነተይ ኣሕድር ኣነ ግን ናቱ ገድሊ ክዛረብ ኣይክእልን።
3. ነገር ግን ኩሉ ብስልጣንካ ክትገብር እትኽእል ጎይታየ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ብፁእ ቅዱስ ናይ ዝኾነ ናይ ኣባ በግኡ ዝኽሩ መታን ክጽሕፍ ንስኻ ሓግዘኒ።
4. ከምዝኽእሎ መጠን ዝቀደመ ስራሑ ክዛረብ እየ። ናይ ደሓር ተጋድሎኡን ዝተገበረሉ ይቅሬታን እውን እጽሕፍ።
5. ዝቀደመ ክፉእ ስራሑን ዳሕረዋይ ሰናይ ተጋድሎኡን እጽሕፍ። ዝቀደመ ስራሑን ዳሕረዋይ ገድሉን ሕጂ ክነግረኩም እየ።
6. ኣብ መጀመርታ ከም ሽፍታ ብምትላል ነበረ ደሓር ግን ብብዙሕ ጾምን ጸሎትን ናብ ክርስቶስ ተመለሰ።
7. ኣብ መጀመርታ ናይ ካልእ ገንዘብ ብምሕዳግ እንዳወሰደ ነበረ፡ ደሓር ግን ከም መላእኽቲ ንእግዚኣብሄር እንዳኣገልገለ ነበረ።
8. ኣብ መጀመርታ ካብ ሰብ ተፈልዩ ኣብ ጎደናታት ክጻናቶ ነበረ። ምስ ብዙሕ ገንዘብ ሰባት ብመንገዲ ክሓልፉ ኣብ ዝረኣየ ግዜ ናብኦም ቀሪቡ ንዝሓዝዎ ገንዘብ የሕዲጉ ይወስደሎም ነበረ።
9. ደሓር ግን ብሰናይ ስራሕን ብጽድቅን ናይ ተስፋኡ ዋጋ እንዳተጸበየ ነበረ።
10. ኣብ መጀመርታ ብዝወቀቡ ኣልባሳት የጋይጽ ነበረ። ደሓር ግን ንጽድቂ ከም ልብሲ ለበሰ።
11. ኣብ መጀመርታ ብዝተፈላለዩ ናይ መግቢ ዓይነታት እንዳተደሰተ ነበረ። ደሓር ግን ክሳብ ዝሞተላ ግዜ እኽሊ ከይቀመሰ ነበረ።
12. ኣብ መጀመርታ ብብዙሕ መስተ እንዳተደሰተ ነበረ። ደሓር ግን ስለ ፍቅሪ ክርስቶስ ክሳብ (ሸውዓተ) ዓመት ማይ ከይሰተየ ነበረ።

13. ኣብ መጀመርታ ናብ ርሑቅ ዓዲ እንዳኸደ ንዝደለዮ ብምዝራፍ እንዳኣሕደገ ነበረ። ኣብ ኢዱ ሰይፍን ኲናትን ሒዙ ክዘርፍ ናብ ዝደለዮ ዓዲ ይኣቱ። ንዘይደለዮ ገዲፉ ንዝደለዮ ሒዙ ናብ ዓዱ ይምለስ። ፍርቁ ንባዕሉ ይወስድ። ፍርቁ ድማ ንደቂ ዓዱ ይህብ።
14. በዓል ቤት ገንዘብ ንሱ ከምዝወሰደሉ ኣብ ዝፈለጠ ግዜ ደጊሙ መጽዩ ንዝተረፈ የሕዲጉ ከይወስደሉ ኣይከሶን ነበረ።
15. ኩሎም ሰባት ይፈርሕዎ ነበሩ። ኣብ ልዕሊ ጉብዝናኡ ሓያልን ብርቱዕን ስለዝነበረ ናብኡ ምቅራብ ዝኽእል የለን። ምኽንያት ብኹሎም ሰባት ዝተፈለጠ እዩ።

ምዕራፍ (3)

1. ብኸምዚ ዝበለ ስራሕ ድማ ብዙሕ ዓመታት ነበረ።እነሆ ናይ ዝቀደመ ስራሑ ነገርኸኹም ሕጂ ድማ ዳሕረዋይ ተጋድሎኡ እነግረኩም።
2. ኣባ በግኡ ብስም ክርስትያን ስለዝነበረ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ቊርባን ክቅበል ምስቶም ህዝቢ ናብ ቤተ ክርስትያን ከደ።
3. ካህን ኣብዝረኣዮ ግዜ ካብ መንገዲ ኣግሊሉ ናይ ሂወት ዘመንካ ኩሉ ብኸንቱ የሕለፍካዮ ሕጂ ግን ክነግረካ በሎ።
4. ኣብ ናይ ፍጻሜ ዘመንካ እግዚኣብሄር ከበጽሓካ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ድማ ክሓድረካ እዩ ፍጹም መነኮስ ድማ ክትኸውን ኢኻ።
5. ሰበይትኻን ቤትካን ርስትኻን ገዲፍካ ካብ ሃገርካ ክትወጽእ ኢኻ ልዕል ናብ ዝበለት ቤተክርስትያን ክትበጽሕ ኢኻ ብጾም ብጸሎት ብብዙሕ መከራ ድማ ኣብኣ ክትነብር ኢኻ።
6. ኣብኡ ድማ ናይ  ነፍስኻ ምድሓን ክኸውን እዩ ንእግዚኣብሄር ድማ ደስ ከተብሎ ኢኻ። ካብ ብዙሕ መከራ ዝተለዓለ ድማ ቀጥ ኢልካ ምቋም ኣይክትኽእልን ኢኻ።
7. ነዚ ነገር ካብቲ ካህን ኣብዝሰምዐ ግዜ እዚ ነገር ናይ በሓቂ ዶ ክግበረለይ እዩ? ወይስ ኣይግበረለይን? እንዳበለ ሓሰበ።
8. ነዚ እንዳሓሰበ ድማ ቊርባን መታን ክቅበል ናብ ቤተክርስትያን ኣተወ። ናይ ክርስቶስ ቅዱስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን ድማ ተቀበለ።
9. ቊርባን(ቅዳሴ) ምስ ተወደአ ናብ ቤቱ ተመለሰ።
10. ድሕሪ እታ ዕለት ክሳብ መዓስ ብስንፍናይ ክነብር እየ ክሳብ መዓስ ከ እየ ናይ ነፍሰይ ምድሓን ከይሓሰብኩ ዝነብር እንዳበለ ሓሰበ።
11. ድሕሪኡ ካብ ኣዝማዱ ተፈልዩ ካብ ሃገሩ ወጽዩ ከደ።
12. ናብ ናይ መነኮሳት ማሕበር ኣትዩ ድማ እንዳኣገልገለ ምስ ሓደ ኣረጋዊ መነኮስ ሓቢሩ ነበረ። ካብ የሕዋቱ መነኮሳት ተፈልዩ ድማ ብጾምን ብጸሎትን ተወሲኑ መዓልትን ለይትን ንእግዚኣብሄር እንዳኣገልገለ ኣብ ንእሽቶ በዓቲ ንበይኑ ነበረ።
13. ናይ ጾም ወርሓት ኣብ ዝኣኸለ ግዜ "ንሱ ድማ ዓቢ ጾም እዩ" ካብ ሶኒ ክሳብ ቀዳመይቲ ሰንበት(ቀዳም) ኣብ ሰሙን ሰሙን ጾም ክሳብ ዝፍጸም ብሕብስትን ማይን ጥራሕ መዓልትን ለይትን ሙጻም ጀመረ።
14. ናይ ጾም ወርሓት ኣብ ዝተፈጸመ ግዜ ድማ ካብ በዓቱ ወጽዩ ናብ ቤተ ክርስትያን ከይዱ ንግሆን ምሸትን ምስ ቅዱሳን የሕዋት ብጸሎት ይተግህ።
15. መጻሕፍቲ እንክንበብ ብምስትውዓል ይሰምዕ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዝተሰቀለላ ዕለተ ዓርቢ ``ንሳ ድማ ሰሙነ ሕማማት እያ`` ኩሉ ኮንቶ እዩ ኩሉ ብላሽ እዩ ናይ ዓለም ናብራ ሓላፊ እዩ ዝብል ናይ መጽሓፍ ቃል ሰምዐ።
16. እዚ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ነዚ ናይ መጽሓፍ ቃል ኣብዝሰምዐ ግዜ ንብዓቱ ከም ማይ ክሳብ ዝወርድ መሪር ልቅሶ ኣለቀሰ።

ምዕራፍ (4)

1. ካብታ ሰዓት ጀሚሩ ስጋዊ ስራሕ ሓደገ። ክሳብ ዝሞተላ ዕለት ከኣ እኽሊ ኣይበለዐን ማይን ስዋን ድማ ኣይሰተየን።
2. መግቡ ድማ ናይ ዱር ገረብ ፍረን ኣብ ፈቀዲ ሜዳ ዝበቅል ቆጽልን ገበረ ብኸምዚ ዝበለ ገድሊ ድማ እንዳተጋደለ ነበረ።
3. ማይ ምስታይ ድማ ሓደገ ሰብ ከይፈለጦ ማይ ከይሰተየ ክሳብ ሓሙሽተ ወርሒ ጸንሐ።
4. ብልቡ ድማ ዝሞተላ ብንግሆ ዶ ወይስ ምሸት ትኸውን? ብዘይ ማይ ከ ክነብር ዶ ይኽእል ይኸውን? ወይስ ክመውት እየ? ይብል ነበረ።
5. ሰብ ብናይ ባዕሉ ፍቃድ ሓደ መዓልቲ ኮነ ክልተ ወይ ድማ ሰለስተ መዓልቲ ማይ ከይሰተየ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ክነብር ከምዝኽእል ክዛብ እዛ ሰዓት እዚኣ ኣይፈልጥን ነበርኩ እንዳበለ ሓሰበ።
6. ሓሙሽተ ወርሒ ክሳብ ዝኾነ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ነዚ እንዳሓሰበ ነበረ፡ በዚ ሓሳብ ድማ እንዳተሃወኸ ደቀሰ።
7. ናይ መላእኽቲ ሓለቃ ቅዱስ ሚካኤል ናብኡ መጽዩ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ሰላም ንዓኻ ይኹን በሎ። እንታይ የሕዝነካ ኣሎ ስለ ኣየናይ ግብሪ ኸ ትህወኽ ኣለኻ በሎ።
8. ኦ ጎይታይ ካብ ጽምኢ ማይ ዝተለዓለ ስለዝተጨነቅኩ እየ በሎ።
9. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ፡ ኣብቲ ግዜ ናብ ገነት ነጠቀኒ ናብኡ ድማ ኣብጽሓኒ ካብ ናይ ገነት ቆጽሊ ኣልዕሊ ናብ ውሽጢ ኣፈይ ኣኾለሰኒ ልምላሜ ድማ ኮነኒ። ምሉእ ኣካለይ ተሓደሰ። ድሕሪኡ ነቒሐ ንእግዚኣብሄር ኣመስገንክዎ በለ።
10. ማይ ከይሰተኹ ተጋድሎ ክፍጽም ዶ ይኽእል ይኸውን በልኩ፡ ድሕሪኡ ናይ ሕልና ህውከት ገደፈኒ በለ።
11. ብኸምዚ ኩነታት ከሎ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ናብኡ ከድኩ ማዕጾኡ ኳሕኳሕኩ ንሱ ድማ ከፈተለይ እሞ ኣትየ ሰላም በልክዎ።

12. ንሱ ድማ ብጣዕሚ ይፈትወኒ ስለዝነበረ ``ዝወደይ ምስጢር እንተነገርኩኻ ኣብ ልብኻ ጾ ትዕቅቦ'' በለኒ። እወ ኣብ ልበይ ክዕቅቦ እየ። ብዘይ ፍቓድካ ከኣ ንሰብ ኣይክነግርን እየ በልክዎ።
13. ደጊሙ ድማ ናይ እግዚኣብሄር ስም ጸዊዕኻ መሓለለይ በለኒ።
14. ንሰብ ኣይክነግርን እየ። እምነኒ እንበር ብናይ እግዚኣብሄር ስም ኣይተምሕለኒ በልክዎ ነዚ ምስ በልክዎ ከየምሓለኒ ገደፈኒ።
15. ኣብቲ ግዜ ነቲ ኩሉ ምስጢር ነገረኒ ዝወደይ ሓሙሽተ ወርሒ ክሳብ ዝኾነኒ ክሳብ እዛ ዕለት ማይ ኣይሰተኹን ነገር ግን እግዚኣብሄር ክሳብ እዛ ሰዓት ኣብጸሓኒ በለኒ።
16. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ነዚ ነገር ኣብዝነገረኒ ግዜ ሰንበድኩ። ጽኑዕ ልቅሶ ድማ ኣልቀስኩ። ክበኪ ኣብዝረኣየኒ ግዜ ድማ ንሱ እውን ምሳይ ኣልቀሰ።
17. ንምንታይ ከምዚ ገበርካ ክሳብ እዛ ዕለት ካብ ማይ ዝተኸልከለ ካብ መን ሰማዕኻ ሕጂ ከኣ ቅዱሳን መነኮሳትን ኣብ ምኔትን እንተ ሰሚዖም ኣይክኣምኑኻን እዮም።
18. ካብ ዝፍጠር ጀሚረ ክሳብ ሕጂ ካብ መጀመርቲ ክሳብ መጨረሽታ ካብ ማይ ዝተኸልከለ ብእዝነይ ኣይሰማዕኹን፡ ብዓይነይ ድማ ኣይረኣኹን።
19. ነዚ ምስጢር ሎሚ እንተሓባእኽዎ ኣብ መጨረሽታ ክግለጽ እዩ። ህዝብን ነገስታትን መኳንንትን ድማ ነዚ ነገር ክሰምዑ እዮም ነገር ግን ኣይክኣምኑን እዮም። ሕጂ ድማ ዝነገርኩኻ ስምዓኒ እሞ ትሕርምቲ ገዲፍካ ማይ ስተ በልክዎ።
20. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ድማ ዝነገርካኒ ነገር ኩሉ ሓቂ እዩ ሓሶት ድማ የብሉን በለኒ።
21. ሕጂ ድማ ክሳብ ዝመውት ደጊመ ማይ ክይሰቲ ስለ እግዚኣብሄር ገዲፈ ኣለኹ። ሰባት እንተዘይኣመኑ ንዓይ እንታይ ግደይ።
22. ነገር ግን በዚ ገድሊ እግዚኣብሄር ረዳኤ መታ ክኾነኒ ጸልየለይ በለኒ።
23. ድሕሪኡ እዚ ነገር ብኣበ ምኔትን ብቅዱሳን የሕዋትን ተሰምዐ። ነገር ግን ወላ እንተሰምዑ ኣይኣመኑን።
24. ኣበ ምኔት ናባይ ለኣኽ። ኣነ ድማ ናብኡ ከድኩ። ኣበ ምኔት ድማ ዝሰማዕኽዎ ነገር ሓቂ ድዩ? በለኒ። ኣነ ድማ እወ ሓቂ እዩ በልክዎ።
25. ኣበ ምኔት ድማ ካብ ማይ ፈጺሙ ዝተኸልከለ ክሳብ እዛ ሕጂ ሰሚዐዮ ዘይፈልጥ ነገር ኣይኣምንን በለኒ።
26. እዚ ነገር ሓቂ ምዃኑ መታን ከረድኡኒ ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ምስኡ ሓቢሮም ክነብሩን ሓቅነቱ ድማ ክምርምሩ ኣነ እውን ሰባት ክውስኽ እየ። ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ማይ እንተዘይሰትዩ ድሕሪኡ ክኣምን እየ በለኒ። ነዚ ኬድካ ንበይኑ ንገሮ በለኒ።
27. ኣበ ምኔት ከምዝለኣኸኒ ኣብዝነገርክዎ ግዜ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ፍሽኽ ኢሉ ሰባት እንተሰሚዖም ከምዘይኣምኑ መጀመርታስ ኣይነገርክዃን እንዶ በለኒ።
28. ሰባት እንተዘይኣመኑ ንዓይ እንታይ ግደይ እንዶ ኣይበልክዃን? ነገር ግን እግዚኣብሄር ረዳኤ ይኹነኒ። ሕጂ እውን ንሰብ መሰናኽል ኣይገብርን።

ምዕራፍ (5)

1. ኣብቲ ግዜ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ተሲኡ ሓጺን ኣምጸአ እሞ ክልተ ሰንሰል መታን ክሰርሓሉ ናብ ሓጓዲ ለኣኸ እቲ ሓጓዲ ድማ ከምዝኣዘዞ ክልተ ናይ ሓጺን ሰንሰላት ሰሪሑ ኣምጸኣሉ።
2. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ብፍቓዱ ክልተ ኢዱን ክልተ እግሩን ብዘስረሖ ናይ ሓጺን ሰንሰል ተኣሰረ።
3. መታን ከእመን ናባይ ክመጽእ ኬድካ ንኣበ ምኔት ጸውዓለይ በለኒ። ናብ ኣበምኔት ኬደ ድማ ኣምጻኽዎ።
4. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ንኣበ ምኔት ኣብ ዝረኣዮ ግዜ ናብ ትሕቲ እግሩ ወዲቑ ሰገደሉ። እግዚኣብሄር ንትእዛዛቱ ንምስራሕ ክሕግዘኒ ኣብ ልዕለይ ጸልየለይ በሎ።
5. ካብ ሎሚ ጀሚረ ካብ በዓተይ ኣይወጽእን ሰብ ድማ ናብ ቤተይ ኣይምጻእ በሎ።
6. ኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ድማ እግዚኣብሄር ኣብ ትሰርሖ ስራሕ ኩሉ ረዳኤ ይኹንካ። ነገር ግን እግዚኣብሄር ብናትካ ልመና ክምሕረኒ ለምነለይ በሎ።
7. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ንኣበ ምኔት ቅዱስ ሚካኤል ረዳኤ መታን ክኾነኒ ኣብ በዓል ናይ ቅዱስ ሚካኤል ብኢድካ ቍርባን ክቅበል እየ።
8. ድሕሪ በዓል ናይ ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤል በዓተይ ክዓጹ እየ። ካብ በዓተይ ኣይወጽእን ምስ ሰብ እውን ኣይዘራረብን በሎ። ኣበ ምኔት ድማ ፈቐደሉ።
9. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ንብዓቱ ከም ማይ እንዳወረደ ኣብ ናይ መላእኽቲ ሓለቃ ቅዱስ ሚካኤል በዓል ብናይ እግዚኣብሄር ሰብ ብኣበ ምኔት ብቅዱስ ኣቦና ብኢድ ኣባ ኢየሱስ ሞኣ ቍርባን ተቀበለ።
10. ቍርባን ምስ ተፈጸመ ናብ በዓቱ ኣተወ። ንሱ ኣብ ውሽጢ ከሎ ብደገ ዓጸኽዎ።
11. ብደገ ብጭቃ ለበጥክዎ። ንሱ እውን ከምኡ ብውሽጢ ብጭቃ ለበጦ። ብዓይኒ ዝረአ ቀዳድ ኣይገደፍኩን ነቲ ስራሕ ድማ ብጽቡቅ ኣከናወንኩ።
12. ብጽቡቅ ኲነታት ሰሪሐ ምስ ወዳእኹ ንመግቢ ዝኾኖ ቆጽሊ ናይ ሜዳ ሓምልን ናይ ዱር ገረብ ፍረን ክሰደሉ ኢድ እትእቱ ንእሽቶ መስኮት ብድሕሪ እታ በዓቲ ሰራሕኩ።
13. በቲ ግዜ ምስ ሰብ ከይዘራረብ ንኣፉ ብጨርቂ ሎጎመ።
14. ኣነ ኣብ ደገ ከለኹ ኢዱ ብመስኮት ሃበኒ እሞ ሰዓምክዎ። ንሱ ድማ ኣብ ውሽጢ ኮሎ ኢዱን እግሩን ተኣሲሩ ብመስኮት ረኣኽዎ።
15. ካብ ብዝሒ ጥምየትን ጽምእን ዝተለዓለ ፈጺሙ ዓበረ። ካብ ዕለት ናብ ዕለት ስጋኡ እንዳተወደ ከደ።
16. ኣነ ድማ ገዲፈዮ እንዳሓዘንኩን እንዳኣልቀስኩን ናብ በዓተይ ተመለስኩ።

17. ፍርቂ ለይቲ ኣብዝኾነ ከልቅስ ሰማዕኽዎ። ኣብቲ ግዜ ምስ ቅዱሳን የሕዋት ናብ ቤተክርስትያን ከድኩ።
18. ጸሎትና ምስ ኣብጸሕና ናብ በዓተይ ተመለስኩ ኣብቲ ግዜ ድማ ፈጺሙ ከልቅስ ሰማዕኽዎ።
19. ቅሩብ ደቂሰ ተሳእኹ። ኣብቲ ግዜ እውን ፈጺሙ ከልቅስ ሰማዕኽዎ።
20. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ኣብ በቢግዜኡን በቢሳዓቱን ለይትን መዓልትን ምልቃስ ኣየቋረጸን። የዒንቱ ድማ ናይ ንብዓይት ምንጪ ኮና።
21. መዓልትን ለይትን ካብ ዓመት ክሳብ ዓመት ሰለስተ ሰለስተ መዓልቲ ይጸውም። ምግቡ ከኣ ቆጽሊ፡ ናይ ሜዳ ሓምሊ፡ ናይ ዱር ገረብ ፍረን፡ እዩ። መግቢ ዘብስለሉ ናይ እሳት ፍሓም ኣብ ሳልስቲ ሳልስቲ ብንእሽቶ ቆልዓ ይልእኽሉ።እቲ ቆልዓ  ከኣ ብመስኮት የቀብሎ ነበረ።
22. ነቲ ቆጽሊ ብዘይ ማይ ኣብሲሉ ክሳብ ዝኽርፍፍ ኣብ ጎኑ የቀንዮ። ሽታኡ ድማ ካብ ዓይኒ ምድሪ ይኸፍእ። ኣብ በቢ ሳልስቲ መዓልትን ለይትን እንዳጾመ ኣብ በቢ ሰለስተ መዓልቲ ነቲ ዝሽተተ ቆጽሊ ይበልዕ ነበረ።
23. ንምንታይ ክሳብ ዝሽትት ተቀንዮ? ንምንታይ ከ ዝሽተተ ቆጽሊ ትበልዕ በልክዎ። ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ድማ ናይ ሓጥያተይ ክፍኣት ሓሲበ እየ በለኒ።
24. ደጊመ  ከኣ ንምንታይ ንዝተረፈካ ኣብ ጎንኻ ተንብሮ በልክዎ። ዋጋይ መታን ክበዝሓለይ መዓልትን ለይትን ሽታኡ ይሽተተኒ ኢለ እየ በለኒ። ዕለት ዕለት ከምዚ ይገብር ነበረ።
25. ኣብ ናይ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ልደት በዓል ክትከፍተለይ ኢሉ ከምዝኣዘዘኒ ናይ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ልደት በዓል ኣብዝኣኸለ ግዜ ክኸፍተሉ ናብኡ ከድኩ።
26. ክሳብ ናይ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ልደት በዓል ገጹ ኣይረኣኽዎን። ብዘይካ እቲ ዝለኣኽ ንእሽቶ ቆልዓ ወላ እውን ካልኦት ኣይረኣይዎን፡ እቲ ቆልዓ እውን እንተኾነ መግቢ ንዝኾኖ መታን ከብጸሓሉ ኣብ ሳልስቲ እንተዘይከይኑ ኣይበጽሖን ነበረ።
27. ናይ በዓቱ ማዕጾ ዝተለበጠሉ ጭቃ ኣወጊደ ንዝተዓጸወሉ ዕንጨይቲ ድማ ከፊተ ናብኡ ኣተኹ።
28. ስጋኡ ተወዲኡ የዕጽምቱ ጥራሕ ተሪፉ ቆርበቱ ምስ የዕጽምቱ ተጣቢቁ ከም ዕንጨይቲ ደሪቁ ረኸብክዎ።
29. ካብኡ ተባረኽኩ ኢዱን እግሩን ሰዓምኩ። ንሱ እውን ካባይ ተባረኸ።
30. ሰለስተ መዓልቲ ቊርባን ክቅበል ድሕሪ ምጽናሑ ናብ በዓቱ ተመለሰ። ከም ናይ መጀመርታ ጌረ ድማ ዓጸኽዎ።
31. ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተገለጸሉ ናይ ጥምቀት በዓል ኣብዝኣኸለ ግዜ ከኣ ኣብቲ ዕለት ከፈትክሉ ናይ ሓጺን ሰንሰለቱ ከኣ ካብ ኢዱን እግሩን ፈታሕኩ።
32. ብናይ እግዚኣብሄር ሰብ ብኢድ ቅዱስ ኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ኣብ ዮርዳኖስ ተጠመቀ ሰለስተ መዓልቲ ቊርባን ክቅበል ድሕሪ ምጽናሑ ድማ ናብ በዓቱ ተመለሰ። ኣነ ድማ ከም ናይ መጀመርታ ጌረ ዓጸኽዎ።
33. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ኣብ ናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በዓለ ትንሳኤ እንበር ካብ ሎሚ ንደሓር ናባይ ኣይትምጻእ። ኣብቲ ዕለት ግን ቊርባን ክቅበል ክፈተለይ በለኒ።
34. ክሳብ እታ ዕለት ናብኡ ከይበጻሕኩ ጸናሕኩ። ናይ ፋሲካ በዓል ኣብዝኣተወ ግዜ ከምዝኣዘዘኒ ከፈትክሉ።
35. ካብ በዓለ ትንሳኤ ክሳብ በዓል ዳግማይ ትንሳኤ ንሾመንተ መዓልቲ ቊርባን እንዳተቀበለ ጸንሐ። ናይ ፋሲካ በዓል ኣብዝተፈጸመ ግዜ ድማ ናብ በዓቱ ተመለሰ።
36. ድሕሪኡ ግን ኣይዓጸኽዎን። ንናይ በዓቱ ኣፈት መዕጸዊ ኣስረሐ። ድሕሪኡ ግን ቊርባን ምቅባል ኣየቋረጸን።

ምዕራፍ (6)

1. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ናይ ቅዱስ ኣባ በግኡ ተጋድሎኡ ካብ እኽልን ካብ ማይን ተኸልኪሉ ዝተቀበሎ መከራ ነገስታትን መኳንንትን ካህናትን መነኮሳትን ኣወዳትን ኣዋልድን ሰምዑ።
2. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ናይ ኣባ በግኡ ተጋድሎኡን ካብ ማይ ከምዝተኸልከለን ንጉስ ኣብዝሰምዐ ግዜ ከምዚ ክብል ናብኡ ለኣኸ። ሰላም ንዓኻ ይኹን ኣብ ጸሎትካ ኣይትረስዓኒ። ነዚ ዝለኣኽክዎ ልብሲ ተቀቢልካ ንዝፈተኻዮ ሃብ።
3. ናይ ንጉስ መልእኽተኛ ድማ ናብኡ ቀሪቡ ብመስኮት ተሳለሞ።
4. ሰላም ንዓኻ ይኹን ኣብ ጸሎትካ ኣይትረስዓኒ። ነዚ ልብሲ ድማ ተቀቢልካ ንዝፈተኻዮ ሃብ ኢሉ ንጉስ ከምዝለኣኾ ነገሮ።
5. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ግን ነቲ ልብሲ ኣይተቀበለን።
6. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ድማ ከምዚ ክብል ናብ ንጉስ ለኣኸ። ናይ እግዚኣብሄር ምሕረት ምሳኻ ይኹን ነዚ ዝለኣኽካዮ ልብሲ ግን ኣይቅበልን።
7. ነገር ግን ንዓይን ንዓኻን ናብ እግዚኣብሄር መታን ከማልድ ኣብ ክንዲ እዚ ልብሲ ዕጣን ለኣኽለይ።
8. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ዝለኣኾ ንጉስ ኣብዝሰምዐ ግዜ ነቲ መልእኽተኛ ዕጣን ኣትሒዙ ከምዚ ክብል ናብኡ ለኣኸ። ንዝሓተትካኒ ነዚ ዕጣን ተቀበል ኣብ ጸሎትካ ድማ ኣይትረስዓኒ።
9. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ድማ ነቲ ዕጣን ተቀቢሉ ንቤተ ክርስትያን ሃበ።
10. ካህናትን መነኮሳትን ናብኡ እንዳመጸ ሰላም ይብልዎ። በረኸቱ ድማ ይቅበሉ ነበሩ። ሰላምታ ምስ በልዎ ድማ ናብ ቤቶም ይምለሱ።

ምዕራፍ (7)

1.ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ማይ ካብዝገድፍ ሓሙሽተ ዓመት ምስ ኮኖ ምቅማጥን ብጎኑ ኣብ መሬት ምድቃስን ተሰኣኖ። እቲ ምኽንያት ከኣ ስጋኡ ስለዝተወደአ እዩ።

2. ከናፍሩ ካብ ጽምኢ ማይ ዝተለዓለ ደረቃ።መልሓሱ ድማ ተጣበቀ። የዒንቱ ድማ ብንብዓት ደፍረሳ። ኣፍንጫኡ ከኣ ቆሰለን መገለን።

3. ናይ ክሳዱ የዕጽምቲ እውን ተረኣየ። ክልቲኡ ናይ የማንን ጸጋምን ጎኑ የዕጽምቱ ናብ ደገ ወጸ። ከብዱ ናብ ውሽጢ ኣተወ ምስ ሕቅኡ ድማ ተጣበቀ።

4. ናይ ማእኸል ሕቅኡ የዕጽምቲ ድማ ካብ ክሳዱ ክሳብ ሕቆኡ ወጽዩ ተረኣየ። ናይ ክልተ ጎኑ የዕጽምትን ናይ ማእኸል ሕቆኡ የዕጽምትን መጋጣጠሚ ተራእየ። ብዘይካ ቆርቦትን የዕጽምቱን ካብ ስጋኡ ዝተረፎ የብሉን።

5. ከወጽእን ከኣቱን ከሎ ድማ ብኽልተ ኢዱን እግሩን ይንፋሓኽ። ምኽንያቱ ካብ መከራኡ ጽንዓት ዝተለዓለ ምቋም ኣይተከኣሎን ነበረ።

6. ቍርባን ክቕበል ናብ ቤተ ክርስትያን ክኸይድ ከሎ ድማ ክልተ መነኮሳት ይሸከምዎ ቍርባን ድሕሪ ምቕባሉ ድማ ኣደጊፎም የቀምጥዎ።

7. ቍርባን ምስ ተፈጸመ ከም ናይ መጀመርታ ተሸኪሞም ናብ በዓቱ የብጽሕዎ።

8. ነዚ ጽኑዕ መከራ ምስ ተቀበለ ንነፍሱ ክወስድ ናብ እግዚኣብሄር ለመነ።

9. ፍርቂ ለይቲ ልዕል ብዝበለ ድምጺ ከልቕስ ሰማዕኽዎ። ኣብዝወገሐ ግዜ ድማ ናብኡ ከድኩ።

10. ስማዕ ክነግረካ በለኒ። ነፍሰይ መታን ክወስድ ናብ እግዚኣብሄር ኣብዝለመንኩ ግዜ ለይቲ ናይ እግዚኣብሄር መልኣኽ ናባይ መጸ። ማይ ናብዝመልአ ዓቢ ወሓዚ ወሰደኒ።

11. ነዚ ማይ ተሳገሮ በለኒ። በቲ ግዜ ናብቲ ማይ ኣተኹ። ነገር ግን ነቲ ማይ ክሳገሮ ኣይከኣልኩን። ምስጋር ኣብዝተሰኣነኒ ግዜ ናብ ድሕሪት ተመሊሰ እቲ ማይ ክሳብ ዝሓልፍ ተዓገስኩ። እቲ ማይ ምስ ጎደለ ድማ ተሳገርኩ።

12. ብግዜ ለይቲ ናባይ መጽዩ ማይ ናብዝመልአ ወሓይዝ ዝወሰደኒ መልኣኽ እቲ ማይ ክሳብ ዝሓልፍ ተዓገስካ እቲ ማይ ምስ ሓለፈ ድማ ክትሳገር ከኣልካ።

13. ሕጂ እውን ከምኡ ካብ ሞት ናብ ሂወት መታን ክትሳገር መከራን ጥምየትን ጽምእን ተዓገስ በለኒ።

14. ነዚ ምስ ነገረኒ በቲ ግዜ ነቃሕኩ። ስለዚ ካብታ ሰዓት ክሳብ ሕጂ ኣልቀስኩ።

15. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ቅሩብ መዓልታት ድሕሪ ምጽናሕ ደጊሙ ፍርቂ ለይቲ ክበኪ ሰማዕኽዎ።

16. ናብኡ ከይደ ግዜ ለይቲ ክትበኪ ዝሰማዕኹኻ እንታይ ኴንካ ኢኻ በልክዎ።

17. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ድማ ዝወደይ ዝበኸኹስ ጻድቃን ኦ ጎይታ ፍጹም ዋጋና መታን ክንቕበል ዕለተ ምጽኣት ኣቕርበልና እንዳበሉ ናብ እግዚኣብሄር ክልምኑ ስለዝሰማዕኹ እዩ በለኒ።

18. ከምኡ እውን ሓጥኣን እንዳበኸዩ ኦ ጎይታ ብዘይጠፍእ እሳት ፍጹም ፍርዲ መታን ከይፍረደና ናይ ፍርዲ መዓልቲ ኣይተቕርበልና እንዳበሉ ናብ እግዚኣብሄር ክልምኑ ሰማዕኹ።

19. ነዚ ኣብዝሰማዕኹ እነሆ ከምትርእየኒ ክሳብ ሕጂ ኣልቀስኩ መሪር ብኽያት ድማ በኸኹ በለኒ።

20. ኣነ ኣገልጋሊኡ ድማ ተጋድሎኡ ዝነግር መጽሓፍ ዘጽሓፍኩ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ነዚ ነገረኒ ኢሉ ተዛረበ።

ምዕራፍ (8)

1. ኣነ ኣገልጋሊኡ ናይ ገድሉ መጽሓፍ ዘጽሓፍኩ ጽኑዕ ሓዘን ሓዘንኩ። ስለ በደለይን ስለ ሓጥያተይን ከኣ ኣልቀስኩ።
2. መጀመርታየይን መጨረሽታየይን ሓሰብኩ ሞተይን ናይ ነፍሰይ ካብ ስጋይ ምፍላይን ናይ ሓሳኹት መግቢ ከም ዝኸውንን ሓሰብኩ።
3. ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከምዝቀርብ ኣብ ቅድሚ ፍርዲ ምቋምን ናይ ዘልኣለም ፍርድን ከኣ ሓሰብኩ።
4. ምሳይ ዝነበሩ ሎሚ ካብዛ ሓላፊት ዓለም ተፈልዮም ዝኸዱ ኣቦታተይን የሕዋተይን ፈተውተይን እውን ሓሰብኩ።
5. ካብ መሬት ተፈጢሮም እዮም'ሞ ናብ መሬት ተመልሱ። ኣነ እውን ከመኦም ክመውት እየ።
6. ነዚ ኩሉ ኣብዝሓሰብኩ ግዜ ጽኑዕ ልቕሶ ኣልቀስኩ። ካብ ብኽያት ዝተለዓለ ከብደይ ከም እሳት ተቓጸለ።
7. ነዚ ኩሉ ኣብዝተረዳእኹ ግዜ ንርእሰይ ካብ ዘልኣለማዊ ፍርዲ ምድሓን ከምዘይከኣለኒ ሓሰብኩ።
8. ነገር ግን ርህሩህ ይቕረ ባሃሊ እግዚኣብሄር እንተፈቂዱ ብብዝሒ ርህራሄኡ ክምሕረኒ እዩ በልኩ።
9. ከምኡ እውን ኦ ጎይታ ሓጥያት እንተተጸባጺብካ መን ኣብ ቅድሜኻ ይቀውም። ይቕሬታ ካባኻ እዩ እሞ ምድሓን እውን ብኣኻ ብዙሕ እዩ እሞ በልኩ።
10. ነገረ መለኮት ዝመሃረ ወንጌላዊ ዮሓንስ ወንጌል ክጽሕፍ ከሎ ብዓይኑ ናብ ሰማይ እንዳተመልከተ ዝተዛረቡ ዘከርኩ።
11. ብሓቂ ሰብ ካብ እግዚኣብሄር እንተዘይተዋሂብዎ ባዕሉ ንጸጋ ገንዘቡ ክገብር ወልሓደ ኣይክእልን'ዩ ኢሉ ተዛረበ።

12. እዚ ነገር ሓቂ እዩ ሓሶት እውን ኣይኮነን። ብዘይ ፍቃድ እግዚኣብሄር ሰብ ብናቱ ፍቃድ ወልሓንቲ ክሰርሕ ኣይክእልን እዩ።
13. እግዚኣብሄር ምሕረት ዝገበረሉ ሰብ ንዑድ ክቡር እዩ።
14. እዚ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ቅዱስ ኣባ በግኡ ድማ ነዚ ኩሉ ዝተጋደለ ብናቱ ሓይሊ ኣይኮነን። ብናይ እግዚኣብሄር ሓይሊ ደኣ እንበር። ኣብዚ ገድሊ ረዳኢ ዝኾኖ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ።
15. ንስኻ ከኣ ዝሓወይ ርእስኻ ፍለጥ። ጾምኩ ተጋደልኩ ስለ እግዚኣብሄር ኢለ ድማ ንርእሰይ ኣድከምኩ። ብስራሐይ ከኣ ክድሕን እየ ኣይትበል። መጨረሽታኻ ከይፈለጥካ ከምዚ ኣይትበል።
16. ንስኻ ግን ስለ እግዚኣብሄር ኢልካ ንርእስኻ ሓጥእ ግበር። ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ከጽድቀቃ እዩ እሞ።
17. ፍቱወይ ብእግዚኣብሄር መታን ክትምስገን ንርእስኻ ኣይተመስግን። ካልኦት ከመስግኑኻ እውን ኣይትፍቶ።
18. ክብሪ መታን ክትረክብ ንትሕትና ገንዘብካ ግበራ።
19. መጨረሽታኡ ከይፈለጥካ ሰብ ክብድል እንተራኣኻ ኣይትጽለኣዮ፡ ኣይትንዓቆ እውን።
20. ንስኻ ግን ስለኡ ናብ እግዚኣብሄር ብጸሎትካ መታን ክምሕሮ ጸሊ ናይ እግዚኣብሄር ምሕረቱ ብዙሕ እዩ'ሞ ንሓጥኣን ይምሕሮም እዩ።
21. ንክርስትያን ዘሳድድ ንዝነበረ ንጳውሎስ ሃዋርያ ገበሮ። ቀራጺ ንዝነበረ ማቴዎስ እውን ናይ ወንጌል ጸሓፊ ገበሮ።
22. እግዚኣብሄር ሽፍታ ኮይኑ ናይ ሰብ ገንዘብ ይዘርፍ ንዝነበረ ንኣባ በግኡ ምሕረት ከምዝገበረሉ ኣስተውዕል።
23. እግዚኣብሄር ኣብ የማኑ ከምዝተሰቀለ ሽፍታ ኣብ ናይ መወዳእታ ዘመኑ ናይ መንግስተ ሰማያት ወራሲ ገበሮ።
24. ከምዚ ሰብ ንብዙሕ መዓልታት ካብ ማይ ዝተከልከለ ብዓይኑ ዝረኣየ ብእዝኑ ዝሰምዐ ዶ ኣሎ?
25. ይጋደሉ ከምዝነበሩ ናይ ቅዱሳን ታሪኾም ሰሚዕና ኢና።
26. ነቢይ እዝራ ናይ ዱር ገረብ ፍሬ እንዳተመገበ ማይ ድማ እንዳሰተየ ኣብ ምድረ በዳ እንዳጸመ ነበረ።
27. ነቢይ ኢሳይያስ ከኣ ናይ ሜዳ ሓምሊ እንዳቆረዘ ካብኡ ድማ እንዳተመገበ ማይ እውን እንዳሰተየ ኣብ ጎቦ እንዳጸመ ነበረ።
28. እግዚኣብሄር ስሙ ናይ በረኻ ኮኾብ ኢሉ ዝጸዎዖ ናይ መነኮሳት ቦኽሪ ዝኾነ ኣባ እንጦንዮስን ኣባ መቃርስን ከኣ ብደረቅ ሕብስትን ማይን ጥራሕ ኣብ ምድረ በዳ እንዳተጋደሉ ነበሩ። እዚኣም ምድራውያን ክንሶም ሰማያውያን ኮኑ።
29. ነቢይ ኤልያስ ከኣ ብሕብስትን ማይን ጥራሕ ኣብ ምድረ በዳ እንዳተጋደለ ነበረ።
30. ደቂ እስራኤል ኣብ ዝበደሉን ንጣኦት ኣብዝሰገዱን ግዜ ኤልያስ ናብ ልዕሊ ምድሪ ዝናብ ንኸይወርድ ናብ እግዚኣብሄር ጸለየ ሰለስተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ኣብ ልዕሊ ምድሪ ማይ ኣይዘነበን።
31. ነገስታትን መኳንንትን ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘሎ ፍጥረትን ኩሎም ብጥምየትን ብማይ ጽምእን ሞቱ። እዚ ኩሉ ኣብ ሰለስተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ኮነ።
32. እዚ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ቅዱስ ኣባ በግኡ ግን  ማይ ከይሰተየ ሸውዓተ ዓመት ነበረ።

ምዕራፍ (9)

1. ድሕሪ ሸውዓተ ዓመታት ካብ ብዝሒ ጥምየትን ጽምእን ዝተለዓለ ብጣዕሚ ሓመመ ምዝራብ ከኣ ተሳኣኖ።
2. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ እግዚኣብሄር ዘርዓኣየኒ ንዓ ከነግረካ በለኒ።
3. ናይ ሰማእታት መንበሪኦም ንዝኾነት ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ረኣኽዋ። ኣብ ዝተመልከትኩዋ ግዜ ትኩር ኢልካ ምርኣይ ተሳኣነኒ። መልክዓን ስራሓን ከኣ ኣይተረዳኣኹን።
4. ብርሃኑ ከም መብረቅ የንጸባርቅ። መልክዑ ድማ ከም እሳት ነበልባል እዩ።
5. ነዚ ኣብዝረኣኹ ግዜ ሰንበድኩ ዝነበርክዎ ከኣ ኣይፈለጥኩን ልበይ ድማ ተሸበረኒ።
6. ድሕሪኡ ናይ እግዚኣብሄር መልኣኽ ጸዊዑ ኣበይ ከምዘለኻ ዶ ዘንጊዕኻ በለኒ።
7. በቲ ግዜ ልበይ ተመሊሱ ንዝመርሓኒ ዝነበረ መልኣኽ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት እንዶ ኣይኮነትን በልክዎ።
8. ከምኡ እውን ብሓንቲ ሰበይቲ ጸኒዖም ዝነብሩ ዝነበሩ ካህናት ረኣኹ። ልብሶምን ኣክሊሎምን ናይ ገጾም መልክዕን ኩሉ ብርሃን እዩ።
9. ከምኡ እውን ብርሃን ዝተሳኣሎም መልክዖም ከም ናይ መላእክት ዝኾኑ ንጹሃት መነኮሳት ረኣኹ። ናይ እሳት መብረቅ ለቢሶም። ኣክሊሎም ድማ ናይ እሳት ነበልባል ይመስል።
10. ከምኡ እውን ናይ ሂወት ማይ ረኣኹ። ብርሃኑ ድማ ከም ጸሓይ ይበርህ።
11. እቲ ናይ ሂወት ማይ ካብ ሓደ ምንጪ ምስ ወጸ ናብ ኣርባዕተ ኣንፈት ይፈስስ። ከም ማዕተብ ከኣ ሓደ ኣብልዕሊ ሓደ ይኸይድ።
12. ኣብዝጸምኣኒ ግዜ ነቲ ናይ ሂወት ማይ እዝክሮ። ብልበይ ከኣ ናብ እግዚኣብሄር እንተዝቀርብ እሞ ምሕረት እንተዝገብረለይ ካብቲ ናይ ሂወት ማይ ክሰቲ ምፈተኹ ይብል ነበርኩ።
13. ንኣምላኽ ዝወለደት ብድንጋሌ ስጋ ብድንጋሌ ነፍስ ዝጸንዐት ክብርቲ እመቤትና ብወርቅን ብዑንቅን ተሰሊማ ከም ጸሓይ እንዳኣብረሀት እልፍ ኣእላፋት መላእክትን ሰፍሪ ቁጽሪ ዘይብለን ብዙሓት ደናግልን ቅድሜኣን ድሕሬኣን ክኸተላኣ ረኣኽዋ።
14. ዘወትር ብለይቲ ናባይ እንዳመጸት ተረጋግኣኒ ነበረት።
15. ከምኡ እውን ናይ ሓጥኣን መንበሪኦም ረኣኹ። ሽታኡ ዘፈንፍን ዓቢ እሳት ረኣኹ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ሓሰኻ ከኣ ከም ተመን ዓይነት እዩ።
16. ካብ ወጸኢ ካልእ እሳት እንዳመጸ ናብቲ እሳት ይኣቱ እቲ እሳት ከም ማዕበል ባሕሪ የናዋውጾ። ዙርያኡ ከኣ ይከቦ።
17. ብእኡ ከቅጸዑ ዝተፈርዶም ሓጥኣን ናብ ዓሚቅ ናይ ሲኦል ጉድጓድ የውርዶም።

18. ንዝመርሓኒ ዝነበረ መልኣክ በዚ እሳት መከራ ዝቅበሉ እዚኦም በዓል መን እዮም በልክዎ።
19. ንክርስቶስ ዝኸሓዱ እዮም ናይዛ እሳት ስም ከኣ ገሃነም እዩ ናይ መወዳእታ ጸልማት ማለት እዩ በለኒ።
20. ከምኡ እውን ናይ ምንኩስና ስራሕ ጀሚሮም እንደገና ናብ ዓለማዊ ስራሕ ተመሊሶም ሰበይቲ ተመርዕዮም ዝነብሩ ዝነበሩ ውሕዳት ናብ ዓቢ ገደል ክውርወሩ ረኣኹ። ኣብ ውሽጢ እቲ ገደል ከኣ ናይ እሳት ባሕሪ ኣሎ።
21. ከምኡ እውን ዓቢ ናይ እሳት ጉድጓድ ረኣኹ። ንሰብ ኣብዘይግዜኡ ብመድሃኒት ዝቀትሉ ዘማርቱ ንጦንቆልቲ ናብቲ ውሽጢ የእትውዎም።
22. ብዙሕ ዕንጨይቲ ኣምጺኦም ኣብ ሕቆኦምን ደረቶምን ኣሲሮም ናብቲ ዝነድድ ናይ እሳት ጉድጓድ ይውርውርዎም።
23. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ነዚ ኩሉ ረኣየ።
24. ድሕሪ እዚ ኩሉ ተጋድሎኡ ንስም ኣጸዋውዓኡ ስግደት ይኹኖ'ሞ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኣደኡ ድንግል ማርያምን ምስ ኣእላፍ ቅዱሳን መላእክቱን መጺኡ ፍቁረይ ኣባ በግኡ ሰላምታ ይግበኣካ በሎ።
25. ስምካ ንዝጸውዐ ዝኽርኻ ንዝገበረ ናብ ዝተቀበርካያ ቦታ ከይዱ ንዝተሳለመ ኣብ መዓልቲ በዓልካ ምጽዋት ንዝሃበ ክሳብ ሸውዓት ትውልዲ ክምሕረልካ እየ ኢሉ ቃልኪዳን ሃበ።
26. ከምኡ እውን ብጸሎትካ ተኣሚኑ ጽቡቅ ስራሕ ዝሰርሐ ናይ ገድልኻ መጽሓፍ ዝሰምዐ ኩሉ ንናይ እሳት ባሕሪ ብግልጺ ይሕለፉ። ናብ መንግስተ ሰማያት ከኣ ይእቶ በሎ።
27. ጎይታና ኣብ ወንጌል ንነቢይ ብስም ነብይ ዝተቀበለ ናይ ነቢይ ዋጋ ንጻድቅ ብስም ጻድቅ ዝተቀበለ ናይ ጻድቅ ዋጋ ካብ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ይረክብ ኢሉ ከምዝተዛረበ።
28. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ዝነገረኒ ኩሉ እንተዝጽሕፍ ነገሩ ምበዝሐ ነገር ግን ከይበዝሕ ውሑድ ጻሓፍኩ።

## ምዕራፍ (10)

1. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ኣበ ምኔት ናባይ መታን ክመጽእ ኬድካ ጸውዓዮ በለኒ።

2. ኣበ ምኔት ከኣ ናብኡ መጸ። ኣባ በግኡ ከኣ ካብ ኣበ ምኔት ተባረኸ።

3. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ንኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ኣብ ገጽካ ዓቢ ጸጋ ኣሎ ዝረኣየካ ኩሉ ከኽብረካ እዩ በሎ።

4. ሕጂ ድማ ብፍጹም ናብ ጎይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ መታን ክቀርብ ብቅድስቲ ኢድካ ኣመንኩሰኒ በሎ።

5. ኣበ ምኔት ከኣ መታን ከመንኩሰካ ናብ ሊቀ ጳጳሳት ክልእኸካ እየ በሎ።

6. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ከኣ ንኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ነገስታትን መኳንንትን ጳጳሳትን ብጸሎትካ ይሕለዉ። ናባኻ መጽዮም ከኣ ሰላምታ የቅርቡ። ኣነ እውን ብኢድካ እየ ምንኩስና ክቅበል ዝደሊ በሎ።

7. ኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ድማ ከምዝበልካዮ ይኹን በሎ።

8. ኣብ ዕለተ ሰንበተ ክርስትያን ኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ናብኡ መጽዩ ኣብ ልዕሊ ቆቢዕን ቀሚስን ዝግባእ ጸሎት ገበረ።

9. ነቲ ቆቢዕ ኣብ ርእሱ ገበረሉ። ነቲ ቀሚስ ከኣ ብክሳዱ የእተወሉ። ንመላእ ኣካሉ ከኣ ባረኾ።

10. ኣበ ምኔት ብጸልትካ መታን ክምሕረኒ ናብ እግዚኣብሄር ለምነለይ በሎ።

11. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ከኣ ብጸሎትካ መታን ክምሕረኒ ናብ እግዚኣብሄር ንስኻ ጸልየለይ እንበር በሎ።

12. ሎሚ ግን ደኺመ ኣለኹ። ምዝራብ ከኣ ተሳኢኑኒ ኣሎ። ናይ ነፍሰይ ካብ ስጋኣ ምፍላይ ግዜኡ ቀሪቡ እዩ'ሞ ንመሬት ናብ መሬቱ መታን ከተእቱ መቃብር ኣፍሕር ሕጂ ግን ናብ በዓትኻ ተመለስ በሎ።

13. ቁሩብ መዓልታት ጸኒሑ ካብ ብዝሒ መከራ ጥምየትን ጽምእን ዝተለዓለ ብጣዕሚ ሓመመ።

14. ኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ናብኡ መጹ። ከምኡ እውን መነኮሳትን ካህናትን ዲያቆናትን መጹ። ንዓና ጸልየልና ባርኸና ከኣ በልዎ።

15. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ከኣ ንስኹም እውን ንዓይ ጸልዩለይ ባርኹኒ እዉን በሎም።

16. ኣብቲ ግዜ ኣብልዕሌኡ ጸለዩ ባረኽዎ ድማ። ንሱ እውን ኣብልዕሌኦም ጸለየን ባረኾምን።

17. ኣቦና ኣቡነ ኢየሱስ ሞኣ ናይ ንእግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ስለ ጽድቂ ኢልካ ክሳብ ሞት ተጋደልካ። ሕጂ ግን ካብ ኢድካን ካብ እግርኻን ነዚ ናይ ሓጺን ሰንሰለት ክንፈትሓልካ በሎ።

18. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ምስ ሞትኩ ፍትሑኒ በሎ።

19. ኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ግደፍ ሕጂ ክንፈትሓካ በሎ። ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ከኣ ፍቃድካ ይኹን በሎ። በቲ ግዜ ኢዱን እግሩን ፈትሕዎ።

20. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ቀትሪ ሰዓት ሰለስተ ምስ ኣኸለ ነፍሰይ ከላ በቲ ግዜ ኣጥምቀኒ በሎ። ኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ከኣ ከምዝበልካኒ ይኹን በሎ።

21. መነኮሳት ካህናትን ዲያቆናትን መጽዮም ኣብልዕሌኡ ጸለዩ። ቀትሪ ሰዓት ሰለስተ ኣብዝኾነ ግዜ በቲ ግዜ ኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ኣጥመቆ።

22. ድሕሪ ሰዓት ሰለስተ ቅሩብ ምስ ጸንሐ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ታሕሳስ 27 ዓረፈ።

23. መብራህትን መግነዝን ሒዙ ኣቦና ኣቡነ ኢየሱስ ሞኣ መጸ ዕጣንን ከርቤን ቅብኣ ቅዱስን ከኣ ኣምጸአ። መነኮሳትን ካህናትን ዲያቆናትን ከኣ ናብኡ ተኣከቡ።

24. ኣቦና ኢየሱስ ሞኣ ቅብኣ ቅዱስ ሒዙ ብኣጻብዕቱ ንናይ ኣባ በግኡ ቅዱስ ስጋ ኣብ ገጹን ደረቱን ኣብ ሕቆኡን ቀብአ።

25. ኣብ ልዕሊ ቅዱስ ስጋኡ ዕጣን የዕረጉ። ካህናት መነኮሳት ግብረ ሃዋርያት፡ ዲያቆናት ናይ ሃዋርያ ጳውሎስ መልእክት ኣብ ልዕሊ ቅዱስ ስጋኡ ኣንበቡ።

26. ዲያቆን ናይ ወንጌል መእተዊ ኣብዚ ዓለም መከራ ዝተቀበለ ንለልኣለም ይነብር ዝብል መበል 47 መዝሙር ዘመረ።

27. ብዝለፍዐ ቆርበት ገነዝዎ።

28. መነኮሳት ካህናትን ዲያቆናትን ተሰኪሞም ብብዙሕ ምስጋና ቅድሜኡን ድሕሬኡን እንዳኣመስገኑን እንዳዘመሩን ወሲዶም ናብ ውሽጢ ናይ ቅዱስ እስጢፋኖስ ቤተ ክርስትያን የእትዮም ቀበርዎ።

29. ብርሃናውያን መላእክት ወሪዶም ንነፍሱ ተቀቢሎም ናብ ሰማይ የዕረግዋ።

30. ጸሎቱን በረኸቱን ናይ ተጋድሎኡ ድኻምን ምስ ኩላትና ህዝበ ክርስትያን ንዘልኣለም ይኹን ኣሜን(ለይኩን)።

ምዕራፍ (11)

1. የሕዋተይ ንሕና ከኣ ዝኸሩ ብኽብርን ብምስጋናን ኣብ ቅዳሴ ዕጣን ብምዕራግ ብዝከኣለና ኩሉ ንግበር። ንድኻታትን ንዝተሸገሩን ብስሙ ንመጽውት።
2. ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ቅዱስ ኣባ በግኡ ናብ እግዚኣብሄር መታን ክልምነልና ካብ ዘለና ንሃብ እንተዘይብልና ከኣ ብስሙ ንዘክር።
3. ኦ ጻድቅ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ስለና ናብ መሓሪ ኣምላክ ለምን። ርህሩር ዝተኣመንካ ርእሰኻ ንእግዚኣብሄር መስዋእት ጌርካ ዘቅረብካ ዋጋኻ ከኣ ብእግዚኣብሄር ዕጽፍን ድርብን ዝኾነ ኦ ናይ እግዚኣብሄር ኣገልጋሊ ካብ መሓሪ ኣምላክ ምሕረት ለምነልና።
4. ስለ ጽድቂ ሎሚ ዝጠምዩ ብጹኣን እዮም። ክጸግቡ እዮም'ሞ። ሎሚ ዝበኽዩ ብጹኣን እዩም። ንሶም ክሕጎሱ እዮም'ሞ እንዳፈለጡ ብፍቃዶም ድኻታት ዝኾኑ ብጹኣን እዮም። መንግሰተ ሰማያት ናቶም እያ'ሞ ዝብል ናይ ወንጌል ቃል ኣብ ልዕሊ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣባ በግኡ ተፈጸመ።
5. ኦ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ንስኻ ፍጹም ደስታ ኣብዘለዎ ኣብ መንግስተ ሰማያት ትነብር። ንሕና ግን ብኸያትን ሓዘንን ኣብ ዝበዝሖ ሃገር ንነብር ኣሎና።
6. ንስኻ ኣብ ናይ ህያዋን ሃገር ትነብር ንሕና ግን ኣብ ናይ ምውታን ሃገር ንነብር። ንስኻ ድሕሪ ሕጂ ደጊምካ ኣይትሞትን ንሕና ግን ሎሚ ሰብ ኢና ጽባሕ ክንመውት ኢና። ሓመድ ኢና'ሞ ናብ መሬት ክንምለስ ኢና። ንስኻ ኣብ መንግስተ ሰማያት ንዘልኣለም ትነብር ንሕና ግን ዘመንና ውሑድ እዩ።
7. ክንነብር ከለና ከኣ እንታይ ክንበልዕ ኢና እንታይ ክንሰቲ ኢና እንታይ ከ ክንለብስ ኢና እንዳበልና እንዳሓሰብና ኣብዛ ሓላፊት ዓለም ንነብር።
8. ንግሆ ዝበላዕናዮን ዝሰተናዮን ንምሸት ኣየብጽሓናን ብምሸት ዝበላዕናዮን ዝሰተናዮን ከኣ ንንግሆ ኣየብጽሓናን።
9. ከምቲ ሲኦል ናይ ሰብ ነፍሲ ዘይትጸግብ ሰብ ከኣ ናይ ገንዘብ ፍቅሪ ኣይጸግብን።
10. ከምኡ እውን ሰብ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ክነብር ከሎ ይጠሚ ይጸግብ ከኣ። ይጸምእ፡ ይረዊ ከኣ፡ ይዓርቅ ይለብስ ከኣ፡ ይሓዝን ይድሰት ከኣ፡ ደስታኡ ድማ ንዘልኣለም ኣይነብርን።
11. ቅዱስ ጳውሎስ ይድሰቱ ዝነበሩ ከምዘይተደሰቱ ዝበልዑ ከኣ ከምዘይበልዑ ዝሰተዩ እውን ከምዘይሰተዩ ዝተደላደሉ ድማ ከምዘይተደላደሉ ክኾኑ እዮም። ናይዚ ዓለም ኣናባብራ ኩሉ ሓላፉ እዩ'ሞ ኢሉ ከምዝተዛረበ።
12. ነገር ግን ናይ እግዚኣብሄር ቅዱሳን ብሓቂ ንዘልኣለም ኣይጠምዩን ኣይጸምኡን ሞት ኣብዘይብሉ ኣብ መንግሰተ ሰማያት ይድሰቱ። እግዚኣብሄር ነዛ ሓላፊት ዓለም ንዝነዓቅዋን ንዝጸልኡዋን ቅዱሳኑ ነጊስሎም ይነብር እዩ'ሞ።
13. ብደስታ ተኣሚኖም ፈጺሞም ይድሰቱ። ብርሃኖም ካብ ከዋክብቲ ሸውዓተ ዕጽፊ ይበርህ ገጾም ከኣ ከም ጸሓይ ብሩህ ይኸውን።
14. ምስ ሰማያዊ መርዓዊ ምስ ክርስቶስ ንብዙሕ ዘመናት ይድሰቱ። ስለ ኩሉ ዓለም ናብ እግዚኣብሄር ይልምኑ።
15. ኦ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ጻድቅ ቅዱስ ኣባ በግኡ ብልመና ጸሎትካ ኣብዚ ዓለምን ኣብ ዝመጽእ ዓለምን ፈጺሙ ምሕረት መታን ክገብረልና ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ለምነልና።

16. ንዓና ከኣ ዓይኒ ዘይረኣዮ እዝኒ ዘይሰምዖ ብልቢ ደቂ ሰባት ዘይተሓሰበ እግዚኣብሄር ንቅዱሳኑ ዝቀረቦ ሰናይ ዋጋ መታን ክህበና ናብ ኣምላኽ ምሕረት ለምነልና።
17. ናይ ኣቦና ናይ ኣባ በግኡ ዝክሩ ዝገብር ብኣማላድነቱ ዝኣምን ወዲ ጥምቀት ንዝኾነ ንኩሉ ክርስትያን እግዚኣብሄር ስሙ ኣብ መጽሓፍ ሂወት ኣብ ኢዮርሳሌም ይጽሓፍ። መንበሪኡ ከኣ ስሞም ኣብ ሰማያት ምስ ዝተጸሓፈ ምስ ነብያትን ሃዋርያትን ሰማእታትን ምስኩሎም ማሕበረ ቦኵርን ይኹን።
18. ንሓጥእ ንስሓ ዝቀረበ ንኣብ ምስጋና ይግባእ። ውልድነት ንምእመናን ንዝሃበ ንወልድ እውን ስግደት ይግባእ። ንዝጋደሉ ትዕግስቲ ንዝሃበ ንመንፈስ ቅዱስ እውን ምስጋና ይግባእ። ሎምን ዘወትርን ንዘልኣለም ብሓቂ እንበለ ሐሰት ይኹን ይኹን ኣሜን(ለይኩን)።

ተኣምር (1)

ጸሎቱን በረኸቱን ናይ ተጋድሎኡ ዋጋን ምስ ኩላትና ህዝቢ ክርስትያን ንዘልኣለም ይኹን'ሞ፡ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ናይ ኣቦና ናይ ኣባ በግኡ ተኣምር እዚ እዩ።

ንኣቦና ኣባ በግኡ ኣብ ሂወት ዘመኑ ዘገልግሎ ዝነበረን ናይ ገድሉ መጽሓፍ ብብዙሕ ድኻም ዘጽሓፈን ረድኡ ዝረኣዮ ተኣምር እዚ እዩ።

ስለ እግዚኣብሄር ኢሉ ሰናይ ስራሕ ዝሰርሕ እዚ መነኮስ ረድኡ ከምዚ በለ። ንእግዚኣብሄር ደስ ዘበልዎ ናይ ኣቦታተይ ቅዱሳን መነኮሳትን ናይ ኣቦይ ናይ ኣባ በግኡ መቃብር ኣብ ዝኾነት ኣብዛ ገዳም ብጾምን ጸሎትን ከለኹ ንኣቦይ ንኣባ በግኡ እዝክሮ ነበርኩ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ናብ ሰማይ ተነጠቕኩ ናይ እግዚኣብሄር ፍቃድ ናይ ዝፈጸሙ ናይ ብዙሓት መነኮሳት መንበሪኦምን ክብሮምን ናይ እግዚኣብሄር መልኣክ ኣርኣየኒ። ብምድራውያን ዘይምርመር ናይ ክብሪ ልብሲ ለቢሱ ዓይኒ ዘንጸባርቅ ኣክሊል ተኳናጺፉ ንኣቦይ ኣባ በግኡ ኣብኡ ረኣኽዎ። ነዚ እንዳኣድነቅኩ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኣቦይ ኣባ በግኡ ክቡር ወደይ! እግዚኣብሄር ብብዝሒ ርህራሄኡ ዝሃበኒ ነዚ ናይ ንስሓ ፍረ ርአ በለኒ። ብሂወት ዘመኖም ከለዉ ዕለት ዕለት ንስሓ ክኣትዉን ሰናይ ስራሕ ክሰርሑን ናባኻ ንዝመጹ የሕዋትን መነኮሳትን ንገሮም በለኒ።

ብኣእምሮ ድኹም ዝኾንኩ ኣነ ኣገልጋሊኡ ንሓጥኣን ናይ ንስሓ ትምህርቲ ንደቂ ጥምቀት በረኸት መታን ክኸውን ናይ ገድሉ መጽሓፍ ኣጽሓፍኩ።

ጸሎቱን በረኸቱን ናይ ተጋድሎኡ ዋጋን ምስ ኩላትና ህዝቢ ክርስትያን ንዘልኣለም ይኹን ኣሜን(ለይኩን)።